
Härnösands
kommun

# ናብ መባእታ ቤት ትምህርቲ

## እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም



**ክትሰምዕ ዶ ትመርጽ፧**
ኣብዚ ኩላ እታ ናይ ሓበሬታ ወረቐት ኣብ ምዕራፋት ተኸፋፊላ ክትረኽባ ኢኻ። እታ ክትሰምዓ ዝደለኻ ክፋል ስማዕ።



# መባእታ ቤት ትምህርቲ — እንታይ እዩ?

ውላድካ ወዲ ሽዱሽተ ዓመት ምስ ኾነ ኣብ ኣጸደ ህጻናት ክጅምር ኣለዎ። ኣጸደ ህጻናት ምስ ተማህረ እቲ ቖልዓ ኣብ 1ይ ዓመተ-ትምህርቲ እዩ ዝጅምር። ድሕሪ ሓደ ዓመት ኣብ 2ይ ዓመተ-ትምህርቲ እዩ ዝቕጽል፣ ብድሕሪኡ ክሳዕ 9ይ ዓመተ-ትምህርቲ ከምኡ እንዳበለ እዩ ዝቕጽል።

ትምህርቲ ምስ ተወድአ በይኖም ኣብ ቤቶም ክኾኑ ዘይክእሉ ቖልዑ ከምቲ መብዛሕትኦም ዝብልዎ ፍሪቲድስሄም ወይ ድሕሪ ትምህርቲ ዝርከብ ማእከላት ኣሎ። ፍሪቲድስ ነቶም ካብ 6 ኽሳዕ 13 ዓመት ዝዕድመኦምን ዝሰርሑ ወይ ዝመሃሩ ወለዲ ዘለዉዎምን ቈልዑ እዩ ዝምልከት።

ብምኽንያት በዓላት ናብ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዘይከደሉ እዋን እቲ ቖልዓ ኣብቲ ኣብ ድሕሪ ትምህርቲ ዝገብሮ ንጥፈታት ክኸውን ይፍቀደሉ ኢዩ። እቲ ቖልዓ ምሸት ምሸት፣ ቀዳመ-ሰንበት ድሕሪ ትምህርቲ ኣብ ዝግበር ንጥፈታት ኪካፈል ኣይክእልን እዩ። ወለዶም ምሸት፣ ቀዳመ-ሰንበት ወይ ለይቲ ዝሰርሑ እንተኾይኖም እሞ ንዕኦም ዝኣሊ ከኣ ዘይብሎም ቆልዑት ካብዚ እተፈልየ እዩ። ንዓታቶም ናይ ለይቲ ኣለይቲ ይከናኸንዎም እዮም። ብዛዕባኡ እቲ ኣብ harnosand.se/nattis ክንክን ለይቲ ዝያዳ ኣንብብ።

እዚ ዅሉ ማለት ኣጸደ ህጻናት፣ዓመተ-ትምህርቲ 1-9፣ ከምኡውን ድሕሪ ትምህርቲ ዝርከብ / ፍሪቲድስሄም መባእታ ቤት ትምህርቲ ተባሂሉ ይጽዋዕ።

ኣብ ሽወደን ናብ ቤት ትምህርቲ ምኻድ ብዘይ ክፍሊት እዩ። እቲ ቖልዓ ድሕሪ ትምህርቲ/ ፍሪቲድ ኣብ ንኽሳተፍ ቦታ ክምደበሉ እንተ ኾይኑ ምምሕዳር ከተማ ነቲ ነዚ ኣገልግሎት ንምሃብ ገንዘብ ይኽፈሎ። ክንደይ ዝኣክል ገንዘብ ክትከፍል ከም ዘሎካ ኣብ እቶትካ እዩ ዝምርኰስ።

ቆልዑ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘድልዮም ከም መጻሕፍቲ፣ ታብለት ወይ ኮምፕዩተራት ዝኣመሰለ ናውቲ ብዘይ ክፍሊት ኪልቅሕዎ ይኽእሉ እዮም። እንተኾነ ግን ቈልዑ ንሸሉ ነቶም ዝልቅሑዎም ናውቲ ትምህርቲ ኪጥንቀቑሎም ኣለዎም። ንኣብነት እቶም ኣብ 7-9 ክፍሊ ዘለዉ ተመሃሮ ዝልቃሕዋ ኮምፕዩተር ኣብ ልቓሕ እንተ ተበላሸወት ወይ ድማ እንተ ጠፊኣ ከም ወላዲ መጠን ክትዓዲ ኣሎኺ።

## ንስኻ ኣገዳሲ ኢኻ



ውላድካ ኣብ ቤት ትምህርቲ ምቹእ ኰነታት ንክሕልዎ ከም ወላዲ መጠን ንስኻ ኣገዳሲ ኢኻ። እቲ ቤት ትምህርቲ ምሳኻ ክራኸብን ብዛዕባ ትምህርቲ ውላድካ ከዘራርበካን እዩ ዝደሊ። እዚ ኸኣ ብሓባር ኴንኩም ነቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘሕልፎ ግዜ ብእተኻእለኩም መጠን ጽቡቕ ምእንቲ ክኸውን ንምግባር እዩ። ተገዲስካ እቲ ቤት ትምህርቲ ካብ ዝህበካ ሓበሬታ ተመርኲስካ ውላድካ ብግቡእ ከም ዝደቀሰ፣ ቍርሲ ኸም ዝበልዐ ከምኡውን ተዳልዩ ናብ ቤት ትምህርቲ ኸም ዝመጽእ ምግባር እታ መዓልቲ ትምህርቲ ጽብቕቲ ንኽትኮነሉ ምግባር ኣገዳሲ እዩ።

## ናብ ቤት-ትምህርቲ ናይ ምኻድ ግዴታ

ኣብ ሽወደን ናብ ቤት-ትምህርቲ ምኻድ ግዴታ ኣሎ። እዚ ማለት ከኣ ቈልዑ ናብ ቤት ትምህርቲ ግድን ክኸዱ ኣለዎም ማለት ኢዩ። ከም ወላዲ መጠን ውላድካ ናብ ቤት ትምህርቲ ከም ዝመጽእ ናይ ምግባር ሓላፍነት ኣሎካ።

እቲ ቖልዓ ናብ ቤት ትምህርቲ ምስ ዘይመጽእ ንኣብነት ምስ ዝሓምም ወይ ዕረፍቲ ስለ ዘለዎ ምኽኑ ፍሉይ ምኽንያት ኪህሉ ኣለዎ።

## ወቕትታት ትምህርቲ

ናይ ዓመተ-ትምህርቲ ወትሩ ድሕሪ ሓጋይ ኢዩ ዝጅምር ናይ ቀውዒ ስያመ ከምኡውን ናይ ጽድያ ስያመ ድማ ዝሓቖፈ ኢዩ። እቲ እዋን ቀውዒ ኣብ ነሓሰ እዩ ዝጅምር ኣብ ታሕሳስ ድማ እዩ ዝዛዘም። እቲ እዋን ጽድያ ድማ ካብ ጥሪ ጀሚሩ ኣብ ሰነ እዩ ዝዛዘም። ንነፍሲ ወከፍ ዓመተ- ትምህርቲ ዝምልከት ትኽክለኛ ዕለት ኣብ ትሕቲ እቲ ንቖልዑን ትምህርትን ዝምልከት harnosand.se ኪርከብ ይከኣል እዩ።



# ቤት ትምህርቲ ምረጽ

ከም ወላድን መጕዚትን መጠን ውላድካ ኣብየናይ ቤት ትምህርቲ ክመሃር ከም እትደሊ ክትእምት ትኽእል ኢኻ። ኣብ ብምሉኡ እቲ ምምሕዳር ከተማ ኣብ ዝርከባ ኣብያተ-ትምህርቲ ክትሓሪ ትኽእል ኢኻ ግን ክፉት ቦታ ከም ዘሎ ርግጸኛ ኣይኮነን። ይኹን እምበር ውላድካ ኣብቲ ኸባቢ ኣብ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ቦታ ናይ ምምራጽ መሰል ኣለዎ።

ካብቲ እትነብረሉ ኸባቢ እተፈልየ ምምሕዳር ከተማ ቤት ትምህርቲ ምስትደሊ ሕቶኻ ብቐጥታ ናብቲ ዝመረጽካዮ ቤት ትምህርቲ ኸተቕርብ ኣሎካ። ውላድካ ኣብ ኣጸደ-ትምህርቲ ክጅምር እንተድኣ ኰይኑ ካልእ ቤት ትምህርቲ ንኽወሃቦ ቅድሚ 1 ለካቲት ከተመልክት ኣሎኳ ።

ኣብ ምምሕዳር ከተማ ሃርኖሳንድ ዓሰርተው ሓደ ናይ ምምሕዳር መባእታዊ ኣብያተ-ትምህርቲ፣ 1 ናይ ግሊ ቤት ትምህርቲ ከምኡውን ጽሙማንን ናይ ምስማዕ ጸገም ዘለዎምን ዝመሃሩሉ ናይ መንግስቲ ቤት ትምህርቲ ኣሎ።

# መድረኽ ስኩሊቲ /Schoolity/

ስኩሊቲ፣ ሰራሕተኛታት ቤት ትምህርቲ፣ ተመሃሮን ወለድን ንሓድሕዶም ሓበሬታ ዝለዋወጥሉን ቍጽሪ ዘብኰሩን ዘየብኰሩን ንምርኣይ ከምኡውን መደብ እቲ ተመሃራይ ንምርኣይ ዝጥቀሙሉ ኣብ ወብ ሳይት እተመስረተ ናይ ግዜ ሰሌዳ እዩ። እቲ መድረኽ ነቶም ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ዘለዉ ተማሃሮን ሰራሕተኛታትን መዓልታዊ ዕዮ ንምቅላል ዘኽእል ኢዩ። ንትምህርቲ ውላድካ ንኽትስዕብ እውን ዝቐለለ ኪኾነልካ ይሕግዝ። ብሽወደንኛን ብእንግሊዝኛን ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ። ቛንቋ ድማ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።

ስኩሊቲ ምእንቲ ኽትጥቀም መእተዊ ዝኸውን ሓበሬታ የድልየካ። ኣብ harnosand.se/schoolity ብኸመይ ከም እትረኽቦ ዝያዳ ኣንብብ። ብዛዕባ ስኮሊቲ ሓገዝ እንተ ደሊኻ ምስ ማእከል ኣገልግሎት ምምሕዳር ከተማ ሃርኖሳንድ ክትራኸብትኽእል ኢኻ።

# ብኩራትን ሕማምን

ውላድካ ብሕማም ምኽንያት ናብ ቤት ትምህርቲ ክመጽእ ዘይኽእል እንተኾይኑ ነቲ ቤት ትምህርቲ ክትሕብሮ ኣሎካ። ነዚ ድማ ብሓገዝ ስኩሊቲ ኢኻ እትገብሮ። እቲ ቖልዓ ናብ ቤት ትምህርቲ ክሳብ ዘይመጽ መዓልታዊ ሓበሬታ ክትህብ ኣሎካ።

ንኣብነት ውላድካ ኣብ መዓልቲ ትምህርቲ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ካብ ቤት ትምህርቲ ኽወጽእ እንተ ደልዩ ንኣብነት ናብ ሓኪም ወይ ሓኪም ስኒ ኪኸይድ እንተ ደልዩ ንናይ ክፍሊ መምህሩ ወይ ንኣማኻሪኡ ኽትሕብር ኣሎካ።

## ካብ ትምህርቲ ዕረፍቲ



እቲ ቖልዓ ካብ ቤት ትምህርቲ ከብኩር/ከዕርፍ እንተ እንተ ኾይኑ ኣቐዲምካ ምልክታ ኽትልእኽ ኣሎካ። ነዚ ድማ ኣብ harnosand.se ብዝርከብ ፎርም ኢኻ እትገብሮ። እቲ ቤት ትምህርቲ እቲ ዕረፍቲ ንዕዮ ትምህርቲ እቲ ተመሃራይ ብዙሕ ኣሉታዊ ጽልዋ ዘስዕበሉ ምዃኑ እንተ ተረዲኡ ውላድካ ዕረፍቲ ኣይፍቀደሉን እዩ።

ሓደ ተመሃራይ ኣብ ዓመት ናይ ትምህርቲ ልዕሊ 10 መዓልቲ ዕረፍቲ ኽወሃቦ ኣይክእልን እዩ። እዚ ማለት ድማ  ንንውሕ ዝበለ ጉዕዞ ቤት-ትምህርቲ ኣብ ዝዕጸወሉ ግዜ ንኽትግበር መደብ ክወጸ ኣሎዎ ማለት እዩ።

## ዘይቅቡል ብኩራት

እቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ እዋን ትምህርቲ ኹሎም ተማሃሮ ኣበይ ከም ዘለዉ ናይ ምፍላጥ ሓላፍነት ኣለዎ። ውላድካ ኣብ ትምህርቲ እንተ ዘይተረኺቡ እሞ ከም ዝሓመመ ወይ ዕረፍቲ ኽወሃቦ ከም ዝሓተተ እንተ ዘይነጊርካዮም ዘይቅቡል ብኩራት ከም ዝኾነ ዝሕብር ምልክታ ኽወሃበካ እዩ። ከምዚ ኽበሃል ከሎ ሓደ ቖልዓ ኽይተፈቕደሉ ኻብ ቤት ትምህርቲ ቦኺሩ ማለት እዩ።

ውላድካ ብሕማም  ወይ ብኻልእ ምኽንያት ኣብ ቤት ትምህርቲ ከም ዘይርከብ ምዃኑ ክትሕብረና ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ውላድካ ስለምንታይ ናብ ቤት ትምህርቲ ኸም ዘይመጽእ ዝገልጽ ሓበሬታ እንተ ዘይረኺቦም እቶም ሰራሕተኛታት ምሳኻ ክሳብ ዝራኸቡ ክደልዩኻ እዮም። ፈለማ ብተሌፎን ብኢ-መይል ወይ ብኤስ.ኤም.ኤስ.። ኣብ ካልኣይ እግሪ ኣብ ገዛኻ ብምምጻእ። ነቲ ቖልዓ ኽረኽብዎ ምስ ዘይክእሉ ወይ እቲ ቖልዓ ስለምንታይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኸም ዘየለ ኽፈልጥዎ እንተ ዘይክኢሎም ኣብ መወዳእትኡ ምስ ፖሊስ ወይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክራኸቡ ከድልዮም እዩ።

እቲ ቖልዓ ብዙሕ ግዜ እንተ ዘይተረኺቡ እቲ ቤት ትምህርቲ ንኽዘራረበካ ክዕድመካ እዩ።

# ሕጊ ቤት-ትምህርትን መደብ ትምህርትን

ኣብ ሕጊ ቤት-ትምህርቲ ቈልዑን ተማሃሮን ወለድን/ሞጒዚታትን እንታይ መሰላትን ግቡኣትን ከም ዘለዎም ሰፊሩ ይርከብ። እቲ ሕጊ ነቲ ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ ሓላፍነት ዘለዎ ሰብ ማለት ነቲ ርእሰ-መምህራን ወይ ድማ ነቲ ዝካየድ ንጥፈታት ብሓላፍነት ዝመርሕ ኣካል፡ ከማልኦም ዘለዎ ብቕዓታት እውን ይገልጽ እዩ። ውላድካ ኣብ ቤት ትምህርቲ ምምሕዳር ከተማ ስለ ዝመሃር እቲ ተሓታቲ ምምሕዳር ከተማ ሃርኖሳንድ እዩ።

ሃገራዊ በዓል መዚ ትምህርቲ ቈልዑ ኣብ ቤት ትምህርቲ እንታይ ክመሃሩ ኸም ዘለዎምን ኣበየናይ ክፍሊ ክመሃርዎ ኸም ዘለዎምን ዝውስን መንግስታዊ በዓል መዚ እዩ። ብዛዕባ እቲ ዝገበርዎ ውሳነ ኣብቲ መደብ-ትምህርቲ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ጽሑፍ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

ኵለን ኣብ ሽወደን ዝርከባ ኣብያተ-ትምህርቲ ነቲ መደብ-ትምህርቲ ክስዕብኦ ኣለወን። ብሉ ኣቢለን ክኣ እየን ኣብያተ-ትምህርቲ ንጥፈታተን ዝህነጽን ዝምዕብልን።

# ገምጋምን ነጥብታትን/ምስክር ዕዮን

ኣብ ክፍሊታት 1-5 እቲ ተመሃራይ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓይነት ትምህርቲ ኣብ እዋን ጽድያ ገምጋም ይወሃቦ። እቲ ገምጋም እቲ ተመሃራይ ነቲ ናይ ክፍሊ ደረጃ ፍልጠት ሓሊፉ እንተ ኾይኑ ይሕብረካ።

እቶም ተመሃሮ ኣብ መወዳእታ እቲ ናይ ቀውዒ ትምህርቲ ኣብ 6ይ ዓመተ-ትምህርቲ እዮም ናይ መጀመርታ ነጥቢ/ምስክር ዕዮ ዝረኽቡ። ድሕሪኡ እቲ ተመሃራይ ክሳዕ እቲ ናይ መወዳእታ ነጥቢ ዝወሃበሉ ናይ 9ይ ዓመተ-ትምህርቲ ጽድያ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መፋርቕ ዓመተ- ትምህርቲ ሓድሽ ነጥቢ/ምስክር ዕዮ ይቕበል። ድሕርዚ እቲ ተማሃራይ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ንኽመሃር የመልክት።

እቲ ናይ ነጥቢ ደረጃታት ካብ A-F ይዝርጋሕ። A ዝለዓለ ነጥቢ ክኸውን እንከሎ F ድማ ዝተሓተ ወይ መትረፊ ነጥቢ እዩ።

# ጥዕና ተማሃሮን ደገፍን

ምስቲ ቤት ትምህርቲ እተተሓሓዘ ምክትታል ጥዕና ተማሃሮ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ክፍሊ ኣሎ። እዚ ኸኣ ሕክምናዊ፣ ስነ-ኣእምሮኣዊ፣ ማሕበራዊ ስነ-ኣእምሮኣዊ ከምኡውን ፍሉይ ትምህርቲ ዘጠቓልል ኢዩ። ነቲ ናይ ተማሃራይ ኣገልግሎት ጥዕና፣ ናይ ቤት ትምህርቲ ሓኪም፣ ኣላዪት ሕሙማት፣ ናይ ስነ-ኣእምሮ ሓኪም ከምኡውን ኣማኻሪ ኣለዎ። ፍሉይ ሞያዊ ትምህርቲ ዘለዎም ሰራሕተኛታት እውን ኣለዉ።

ሰራሕተኛታት ክፍሊ ምክትታል ጥዕና ተማሃሮ ንኣብነት ናይ ጥዕና ዝርርባት ብምግባርን ብኽትባትን ንድሕንነቶምን ንጥዕንኦምን ኣበርክቶ ይገብሩ ።

ውላድካ ብክፍሊ ምክትታል ጥዕና ተማሃራይ  ኣቢሉ ብመሰረት እቲ ናይ ሽወደን ናይ ቆልዑት ናይ መከላኸሊ ክትባት ፕሮግራም ክወስድ ኣጋጣሚ ክረክብ ኢዩ። እዚ ድማ ካብ ዓሰርተው ሓደ ዓይነት ሕማማት ዝከላኸለሎም ክትባት እዩ፣ እዚ ማለት ፣ረኽሲ ሮታቫይረስ፣ዲፍተርያ፣ ተታኑስ፣ትኽትኽታ፣ፖልዮ፣  ብሄሞፌለስ ኢንፍሉወንዛ ዓይነት b ዝኽሰቱ ረኽስታት፣ንፍዮ፣ጽግዕ፣ ነድሪ ሳምቡእ ቃንጫ ማምፕስ ሩቤላ ከምኡውን ፓፒሎማቫይረስ (ኤች.ፒ.ቪ.) (HPV) ኢዩ።

# ዓይነት ትምህርቲ

**ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ተማሃሮ ነዞም ዝስዕቡ ዓይነታት ትምህርቲ የጽንዑ፡- ቛንቋ ሽወደን፣ እንግሊዝኛ፣ ሕሳብ፣ ምስኣል/ምቕባእ ሕብሪ፣ ሙዚቃ፣ኢደ ጥበብ፣ ፣ዘቤታዊ ፍልጠት፣ጥዕናን ስፖርትን፣ ትምህርቲ ማሕበራዊ ፍልጠት፣ ሃይማኖት፣ ታሪኽ፣ ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣ፣ ፊዚክስ፣ ከሚስትሪ፣ ተክኖሎጂ፣ ምርጫ ተመሃራይ ንኣብነት ስጳንኛ ጀርመንኛ ወይ እንግሊዝኛ ከምኡውን ቛንቋ ኣደ እዩ። ተመሃሮ ንኹሉ ዓይነት ትምህርቲ ወትሩ ዘየጽንዑ እኳ እንተኾኑ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ግን ይፈላለ እዩ።**



## ሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቛንቋ (SVA)

**ሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋ፡ SVA፡ ርእሱ ዝኸኣለ ዓይነት ትምህርቲ እዩ። ካብ ሽወደንኛ ወጻኢ ካልእ ቛንቋ ኣደ ዘለዎም ተማሃሮ ኣብ SVA ናይ ምምሃር መሰል ይህልዎም። ምምሃር SVA ከም ካልኣይ ቛንቋ ንምምሃር ፍሉያት ዝኾኑ ነገራት ከም ኣደማምጻ፡ናይ ቃላት ኣሰራርዓ ምስ ኩሎም ቋንቋታት ናይቲ ተማሃራይ ብምውድዳርን ብምንጽጻርን ክምልስ ይኽእል። እቲ ተማሃራይ ኣብ SVA ንኽምሃር መሰል ኣለዎን ወይ የድልዮን ምኧኑ ዝውስን ቤት- ትምህርቲ እዩ።**



# ቛንቋ ኣደ ምምሃርን መምርሒ ብቛንቋ ኣደ ምጽናዕን

ቋንቋ ኣደ ኣብ ምዕባሌ ናይቲ ቖልዓ ዓቢ ግደ ኣሎዎ፣ ኣብ ቋንቋ፣ ኣተሓሳስባ፣ ሰብኣዊ መንነት ንኽዓቢ ይገብሮ። ብግቡእ ዝማዕበለ ቛንቋ ኣደ ዘለዎ፣ ሸወደንኛን ካልእ ቋንቋታትን ዓይነት ትምህርትን ንኽመሃር ጽቡቕ ኩነታት እዩ ዝፈጥረሉ።

ውላድካ ብቛንቋ ኣዲኡ ኪመሃር ይኽእል እዩ። ውላድካ ብቛንቋ ኣዲኡ ትምህርቲ ክወሃቦ እንተ ደሊኻ ከተመልክት ኣሎካ። ነዚ ድማ ኣብ ወብ ሳይት ምምሕዳር ከተማ ብኢ-መይል ኣቢልካ ኢኻ እትገብሮ። harnosand.se/modermalsundervisning.

# ትምህርቲ ስፖርትን ምሕምባስን

ውላድካ ናብ እተፈላለየ ቦታ ምንቅስቓስን ምጉዕዓዝን ጽቡቕ ልማዳትን ከም ትርጉም ዘለዎ መዘናግዕን ምስ ዝህልዎ ኣብ ጥዕናኡ ኣገዳስነት ኣሎዎ። እቲ መደብ ትምህርቲ ብዛዕባ ኣካላዊ ትምህርትን ጥዕናን እውን ዘጠቓልል ኢዩ። ንውላድካ ብዛዕባ ስፖርትን ምንቅስቓስን ኣብ ግዳም ብዛዕባ ምንባርን ኣወንታዊ ስምዒት ኽህቦ ኣለዎ። እቲ መደብ ትምህርቲ ውላድካ ምሕምባስ ክመሃር ከም ዘለዎ እውን ይገልጽ እዩ።

ኩሎም ቈልዑ ኣብ ትምህርቲ ስፖርትን ምሕምባስን ክካፈሉ ኣለዎም። ከም ወላዲ መጠን ውላድካ ኣብ ቤት ትምህርቲ ስፖርት ኣብ ዝገብረሉ እዋን ክዳውንቲ ስፖርትን ናይ መሐምበሲ ክዳውንትን ሽንማኖን ከም ዝህልዎ ምግባር ኣገዳሲ ግደ ኣሎካ። እቶም ቈልዑ ቕድሚ ስፖርት ክዳን ኪቕይሩ ኣለዎም ምስ ወድኡ ድማ ነብሶም ክሕጸቡ ኣሎዎም።

ውላድካ ብገለ ምኽንያት ኣብ ስፖርት ኪሳተፍ እንተ ዘይክኢሉ ንመምህሩ ኽትሕብሮ ኣሎካ።

# ናይ ምዕባለ ዝርርብን ናይ ወለዲ ኣኼባታትን

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ምጅማር ትምህርቲ እቲ ቤት ትምህርቲ ኸም ወላዲ መጠን ኪራኸበካ እዩ ዝደሊ። ሓንሳእ ኣብ ክፍላ ዓመተ-ትምህርቲ ብዛዕባ ምዕባለ እቲ ቆልዓ ምይይጥ ይካየድ እዩ። ድሕሪኡ ንስኻን ውላድካን ምስ መምህር ወይ ኣማኻሪ ተራኺብኩም ውላድካ ኣብ ቤት ትምህርቲ ከመይ ይምዕብል ከም ዘሎ ትግምግሙ።

እጢ ቤት-ትምህርቲ ሓንሳእ ኣብ ዓመተ- ትምህርቲ መብዛሕትኡ ግዜ ድማ ኣብ መጀመርታ ቐውዒ ንኹሎም ወለዲ ኣብ ሓደ ክፍሊ ኣኪቡ ብዛዕባ እቲ ቤት ትምህርትን ብዛዕባ እታ እትመጽእ ዓመተ- ትምህርትን መግለጺ ይህብ።

ናብቲ ቤት ትምህርቲ ብኣካል ኽትበጽሕ እንተ ደሊኻ ክትመጽእ ትኽእል ኢኻ። ከምኡ ቕድሚ ምግባርካ ግና ምስ መምህር ውላድካ ኽትሰማማዕን ኣብኡ ምስ በጻሕካ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ናይቲ/ ቤት- ትምህርቲ ኽትምዝገብን ኣሎካ።

# ምግቢ

ውላድካ ኣብ ቤት ትምህርቲ ምሳሕ ይምሳሕ። ምሳሕ ብናጻ ወይ ብዘይ ክፍሊት እዩ ዝወሃብ። ኣብ መብዛሕትኡ ኣብያተ-ትምህርቲ እተፈላለየ ዓይነታት ምግብን እተፈላለዩ ዓይነታት ኣሕምልትን ኣሎዉ። ከም ኣለርጂ ዝኣመሰሉ ሕክምናዊ ምኽንያታት ፍሉይ ኣመጋግባ ዘድልዮም ቈልዑ ምስክር ወረቐት ሕክምና እንተ ኣቕሪብካሎም ፍሉይ ምግቢ ኪረኽቡ ይኽእሉ እዮም። ውላድካ ኣሕምልቲ ጥRእይ ዝምገብ ቬጋን እንተኾይኑ፣ ወይ ብሃይማኖታዊ ምኽንያት ፍሉይ ምግቢ ዘድልዮ እንተ ኾይኑ ነቲ ቤት ትምህርቲ ኽትሕብሮ ኣሎካ፣ ምስክር ወረቐት ግን ከተቕርብ ኣየድልየካን እዩ። harnosand.se/specialkost

# መጓዓዝያ ቤት-ትምህርቲ

ውላድካ ካብቲ ቤት- ትምህርቲ ርሒቑ ዝነብር እንተ ኾይኑ፣ ናብ ቤት ትምህርቲ ዝወስድ መገዲ ሓደገኛ እንተ ኾይኑ ወይ ውላድካ ስንክልና እንተ ኣልይዎ እቲ ቖልዓ መጓዓዝያ ቤት- ትምህርቲ ኽረክብ ይኽእል እዩ። እዚ ድማ እቲ ቖልዓ ብናጻ ኻብ ቤት ትምህርቲ ናብ ገዝኡ ክመላለስ ይኽእል ማለት እዩ።

መጓዓዝያ ቤት- ትምህርቲ እተፈላለየ መልክዕ ኪሕዝ ይኽእል እዩ። ውላድካ ናይ መጓዓዝያ ካርድ ተዋሂቡ ብስሩዕ ኣውቶቡስ ይጐዓዝ ይኸውን ወይ እውን ብፍሉያት ኣውቶቡሳትን ሚኒባሳትን ወይ ድማ ብታክሲ ክኸውን ይኽእል። ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ harnosand.se/skolskjuts ርአ።

ንውላድካ ዝተመደበ መጓዓዝያ ቤት- ትምህርቲ ዘይሰማምዖ እንተ ኰይኑ ኢ-መይል ክትልእኽ ኣሎካ፡- trafikenheten@harnosand.se

# ሞባይል ተሌፎን

ካብ ኣጸደ ህጻናት ክሳዕ 6 ዝዕድሚኦም ቈልዑ ኣብ መዓልቲ ትምህርቲ ሞባይል ተሌፎን ክጥቀሙ ኣይፍቀደሎምን ኢዩ። ስለዚ እቲ ቤት- ትምህርቲ እቶም ቈልዑ ነታ ተሌፎን ኣብ ቤቶም ሓዲጎምዋ ክመጹ እዩ ዝደሊ። ነታ ተሌፎን ምሳታቶም ክማልእዋ እንተ መሪጾም እታ መዓልቲ ትምህርቲ ኽትጅምር ከላ ንመምህሮም ከረክብዋን እታ መዓልቲ ትምህርቲ ምስ ተወድኣት ከኣ ክርከብዋን ይኽእሉ እዮም።

ኣብ 7-9 ክፍሊታት ዝርከቡ ተማሃሮ ኣብ እዋን ትምህርቲ ሞባይል ተሌፎን ክሕዙ ኣይፍቀደሎምን ኢዩ።

# ሓበሬታናይ ምሃብ ግዴታ

ሓደ ሰብ ሓደ ቖልዓ ይዕመጽ/ይህሰይ ከም ዘሎ እንተ ጠርጢሩ ናብ ምምሕዳር ከተማ ኽነግር ይኽእል እዩ። እዚ ኣሰካፊ ሓበሬታ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ንኣብነት እቲ ቆልዓ ዝህረም እንተኾይኑ ወይ ድማ እቲ ቆልዓ ዘድልዮ ክንክን ከም ዘይረክብ ምስ ዝኸውን።

ኣብ ዙርያ ቈልዑን መንእሰያትን ንምስራሕ ዘጠቓልል ሞያ ዘለዎ ዝኾነ ይኹን ሰብ ኣብ ስራሑ እንከሎ ቆልዓ ይጕዳእ ከም ዘሎ እንተድኣ ጠርጢሩ ብዛዕባ እቲ ዘሻቕሎ ጕዳይ ሓበሬታ ክህብ ብሕጊ ይግደድ ኢዩ።

# ድሕሪ ትምህርቲ መዘናግዒ ዝካየደሎም ማእከላት/ግዜ መዘናግዒ

ፍሪቲድ ካብ 06.30 ክሳዕ 18.30 ኣብ መዓልቲ ሥራሕ ክፉት እዩ።

ቆልዑት ኣብቲ ኽልቲኦም ወለዲ ዝሰርሑሉ እዋን ድሕሪ ትምህርቲ ኣብ ዝግበር ንጥፈታት ናይ ምክፋል መሰል ኣለዎም። ውላድካ ድሕሪ ትምህርቲ ኣብ ዝገብሮ ንጥፈታት መዓስ ከም ዝኸውን ኣቐዲምካ ኽትሕብር ኣሎካ።

ኣብ ዓመት ኣርባዕተ ግዜ ናይ ፍሪቲድ ውጥን ምውጻእ መደብ ዝግበረሉ መዓልትታት ኣሎ። ኣብቲ እዋን ተካእቲ ኢዮም ነቲ ሥራሕ ዘካይዱ። ውላድካ ኣብዚ ግዜ እውን ድሕሪ ትምህርቲ ኣብ ዝግበር ንጥፈታት ኪካፈል እንተ ኾይኑ ከም ወላዲ መጠን ተወሳኺ ምልክታ ከትቕርብ ኣሎካ።

ውላድካ ድሕሪ ትምህርቲ ዝጸንሓሉ ቦታ ዘየድልዮ እንተ ኾይኑ እንተ ወሓደ 14 መዓልቲ ኣቐዲምካ ነቲ ቦታ ኽትስርዞ ኣሎካ።

# ኣብ ቤት ትምህርቲ ስእልን ፊልምን ምልዓል

**እቶም ኣብቲ ቤት- ትምህርቲ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ነቲ ንጥፈታት ክስእሉን ፊልም ክቐርጹን ተፈቒዱሎም እዩ። እዚ ኸኣ ንምዕባሌ እቶም ተመሃሮ ንምስናድን ትምህርቲ ንምቅልጣፍን ተባሂሉ እዩ ዝግበር። ከም ኣላዪ መጠን ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ስእልን ፊልምን ክትስእል ኣይፍቀደልካን እዩ።**

**ውላድካ ኣብ ወብ ሳይትን ማሕበራዊ መራኸብን ምምሕዳር ከተማ ስእሉ ኽርአ ጽቡቕ ኰይኑ እንተ ተሰሚዑካ ፎርም ክትመልእ ኢኻ። እዚ ፎርም እዚ ናይ ብሕቲ ሓበሬታታትን ስእልታትን ፊልምታትን ንምሕታም ፍቓደኛ ምኳን ይበሃል። ካብ ኣጸደ ትምህርቲ -  9ይ ክፍሊ።**

# ፎርምታትን ኣገልግሎታት ንኣገልግሎት ኢ-መይልን

| | | |
|---|---|---|
| **ፍሉይ ኣመጋግባ** | **ትምህርቲ ቛንቋ ኣደ** | **ንሕትመት ፍቓደኛ ምኳን/GDPR** |

# ነቲ ቤት ትምህርቲ ዝኸውን ኣድራሻ

Härnösands kommun